ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር

الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

## ብምኽንያት ባሕቲ መስከረም ዝተዳለወ መግለጺ፡
## ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)

ባሕቲ መስከረም ካብ ካልኦት ዕለታትን ወርሓትን ፍሉይ ታሪኽ ዘለዋ ዕለት እያ። ሕቶ ነጻነትና ብሰላማዊ ኣገባብ ንምርግጋጹ ዝተኻየደ ቃልሲ፡ ፍረ ምስ ተሳእኖ፡ ጎነጻዊ ኣገባብ ምኽታል ኣማራጺ ዘይብሉ ነበረ። ጀመርቲ ድማ፡ ውሑዳት ተባዓት ጀጋኑ ክኾኑ (ዘይተርፍ) ግድን ኔሩ። ሕቶ ነጻነት ናይ ኩሎም ኤርትራውያን ብምንባሩ፡ እቶም ውሑዳት ጀጋኑና፡ ውሑዳት ኣረገውቲ ጠበናጁ ተዓጢቖም ርችት ሓርነት ክውልዑ፡ ናብ ኣጻምእ በረኻታት ቀሪጾም ክወፍሩ እንከሎዉ፡ ደድሕሪኦም ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያት ከምዝሰዕቡዎም ብምትእምማን እዩ ነይሩ። መላእ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ኣብ ዘለዎ ኮይኑ ሙሉእ ደገፉ ከምዝልግሰሎም ኣይተጠራጠሩን።

እምበኣርከስ ባሕቲ መስከረም፡ እቲ ብጅግና ስዉእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ዝተመርሐ ተጋዳላይ፡ ኣብ ጎቦ ኣዳል ደይቡ፡ ፈላሚት ርችት ሓርነት ዝወላዓላ ብምዃና፡ ካብ ካልኦት ዕለታትን ወርሓትን ፍልይቲ ይገብራ። በዚ ምኽንያት ወትሩ እናተዘከረት እትነብር ክብርቲ ዕለትና እያ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን ድማ ብፍላይ፦ ኣብ'ዛ ክብርትን ታሪኻዊትን ዕለትና ኮይና፡ ንድሕሪት ክንዝክር እንከሎና ፡ ዕላማ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎና እንታይ ምንባሮም በሪሁ ይረኣየና። ህዝቢ ኤርትራ ብሰላማዊ ኣገባብ፡ ዘይተዓወተሉ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት፡ ጠበንጃ ኣልዒሉ፡ ዱርን ገደልን፣ ቁርን ኣስሓይታን ከበሳታት፡ ጸሓይን ሃሩርን ቆላታት ሃገርና እናቖራረጸ፡ ንሓይሊ መግዛእቲ ሓግሒጉ ክጸርግ ክብገስ እንከሎ፡ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገሩ ብምብሃግ እዩ ነይሩ። ኣብ'ታ ዝፈትዋን ኩሉ እንትንኡ ክኸፍለላ ድሉው ዝኾነላ ሃገሩ፡ ሰላም ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ምዕሩይ ምሕደራን ዘየቋርጽ ቁጠባዊ ምዕባለን ንምጉንጻፍ ምንባሩ ዘይንስሒቶ እዩ። ምስ ጎረባብትና ሃገራትን ህዝብታትን፣ ምስ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን መንግስታቶምን፡ ኣብ ምክብባርን ሓቢርካ ናይ ምምዕባል መርሆ ተመስሪቱ ብሰላም ተማሓዝዩ ክነብር እዩ ነይሩ ባህጉ። ምእንቲ'ዚ ድማ፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዝተኻየዱ ሓርነታዊ ሰውራታት ነዊሕ ዕድመ ዘቑጸረ ዕጥቃዊ ተጋድሎ ኣካይዱ። ብገዚፍ ምትእትታው ናይ ግዳም ሓይልታትን ናይ ኢትዮጵያ ገዛእቲ ዘይተኣደነ ኣደራዕን ከይተምበርከኸ ተጋዲሉ። መራሕቲ ሰውራና ዝተኸተሉዎ ፈላሊኻ ናይ ምግዛእ መርሆ፡ ብኩናት ሕድሕድ ዕሽላት ደቁ ኣብ ቅድሚኡ እናተቐዝፉዎ፡ ንሓይሊ መግዛእቲ ርእሱ ከድንን ኣይመረጸን። ኩሉ ዓይነት ናይ ውሽጥን ናይ ደገን መሰገደል ሓሊፉ፡ ድሕሪ ናይ ሳላሳ ዓመታት መሪርን ነዊሕን ተጋድሎ፡ ሃገሩ ካብ ሓይሊ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ኢድ-ምትትታው ናይ ግዳም ጎይቶቶምን ኣናጊፉ፡ ብመንገዲ ህዝበ-ውሳኔ(ሪፈረንደም)፡ ብ99.8% እወ ንናጽነት ብምድማጽ ወናኒ ሃገሩ ክኸውን ዝበቕዐ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራን ጀጋኑ ተጋደልቲ ደቁን፡ ሃገሮም፡ ምድራ ባሕራን ሰማያን ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ መሊኡ ሓራ ምግባሩ፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ብባሕቲ መስከረም ዝተጀመረ ብረታዊ ተጋድሎና እዩ። ሃገርካ ካብ ሓይልታት ባዕዲ ሓራ ጌርካ፡ ወናኒኣ ባዕልኻ ምዃን ማለት፡ ገዚፍ ፖለቲካዊ ትርጉም ዘለዎ ዓወት ብምዃኑ፡ ክንከናኸኖን ክንዕቅቦን ይግባእ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ደለይቲ ለውጢ ፖለቲካዊ ሓይልታትና ድማ ብፍላይ፦ ነዊሕን መሪርን ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ብቕኑዕ ዲሞክራስያዊ መሪሕ እናተኣለየ፡ ህዝብና ይኹን፡ ኣብ ብልሒ ሜዳ ናይ ቃልሲ ተሰሊፉ ዝጋደል ዝነበረ መንእሰይ ወለዶ፡ ናይ ቀረባን ርሑቕን ዕላማታቱ ብጉቡእ እናለለየ፡ ብንቕሓት ክጋደል ዝኽእለሉ ዕድል ኣይረኸበን። ስለዝኾነ'ውን ውጽኢት ተጋድሎኡን መስዋእቱን፡ ካብ ናይ መሬት፣ ባሕርን ሰማይን ምሕራር ኣይሰገረን። የግዳስ ኣብ ትሕቲ ጨቖንቲ ደቂ ሃገር ካብ ባዕዳውያን መግዛእቲ ዝኸፍእ መነባብሮ የሕልፍ ኣሎ። ዕድል ህዝብናን ተጋዳላይናን ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ኢሳያስን ጉጅልኡን ክሳብ ዘሎ፡ ካብ'ዚ ክውንነት'ዚ ክወጽእ ከምዘይክእል ካብ ብዓንተብኡ ብሩህ እናኾነ ዝመጸ`ዩ።

ህዝቢ ኤርትራን ተጋደልቲ ደቁን፡ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉላ ሃገሮም፡ ኣብ ትሕቲ ባሓትን ገባትን ጉጅለ ኢሳያስ ብምውዳቓ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ልዕሊ 32 ዓመታት፡ ካብ'ቶም ብትሪ ኮኒንና፣ ተጋዲልና ዝሰዓርናዮም ባዕዳውያን ገዛእቲ፡ ኣዝዩ ዝኸፍአ፡ ስርዓት ምሕደራ ወዲቖም፡ ከም

ህዝቢ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዝተቓልዐሉ ኩነታት እዩ ዘሎ። ህዝብና፡ ነቲ ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎኡ ዘርኣዮ ጅግንነትን ዝኸፈሎ መስዋእትነትን ዝመጣጠን ጻማ ኣይረኸበን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ፈጺሙ ዘይገመቶ ኣደራዕ ጭቀና ኣብ ልዕሊኡ ወዲቑዎ፡ ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ሕሰም ተሸሚሙ ይርከብ ኣሎ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ምስ ጉጅልኡ፦ ንብርሰት ህዝብናን ምብቃዕ ህልውና ሃገርናን ዝተዓጥቀ ኣጋንንቲ ብምዃኖም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምስ ኩለን ጎረባብትና ደም ተቓቢኦም፡ ህዝብና ብዘይ ዝኣምኖ ፈታዊ፡ ኣብ ጸባብ ዓንኬል ተቐርቂሩ፡ መጻኢኡ ጸልሚቱዎ፡ ርእሱ ኣድኒኑ ክግዛእ ተገዲዱ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ዘበነ ኣገዛዝኣ ስርዓት ኢሳያስ ፡ ብህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወረደ በደል፡ ዘይተነገረ'ምበር፡ ዘይተፈጸመ ዓይነት ወንጀል ከምዘየልቦ፡ ዓለም ብዓለማ ዝፈለጦ እዩ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራን ተቓለስቲ ፖለቲካዊ ሓይልታትን፦ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ-ህግደፍ፡ ካብ ኩናትን ህውከትን ወጻኢ፡ ዕምሪ ስልጣኑ ከናውሕ ከምዘይክእል ዝሓሰበ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ልዕሊኡ ጎብለል ናይ ዞባና ንምዃን ካብ ዘለዎ ሕዱር ሕልሚ፡ ካብ'ቶም በብእዋኑ ምስ ጎረባብትና እናወልዖም ዝጸንሐ ግጭታት ምርኣይ ይከኣል። እዚ ጥራሕ ግን ኣይኣኽሎን። ናብ ሃገረ ሩስያ ኣብ ቅድሚ መራሕቲ ሩስያን ዕዱማት መራሕቲ ኣፍሪቃን ዘሰመዖ መደረ፡ ንዞባና ጥራሕ ዘይኮነስ ዓለም ብዓለማ ኣብ ኩናት ክትኣቱ ዘለዎ ድሌት ዘረጋግጽ`ዩ። ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት በብእዋኑ ካብ ዝወልዖም ውግኣት ናይ ዕድል ነገር ኮይኑ ዝተረፈ መንእሰይ ወለዶናን ሃብቲ ሃገርናን፡ መሊኡ ዘቃብጽ፡ ናይ ዓለም ኩናት ክውላዕ፡ ተገቲሩ ንመንግስቲ ሩስያ ዝተማሕጸነሉ መደረ፡ 'ክዉን ክኸውን ድዩ ወይስ ኣይክውንን' ብዘየገድስ፡ ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ መሪር ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን፡ ኣበየናይ ጥርዙ በጺሑ ምህላዉ እኹል መረጋገጺ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን ንለውጢ ክንቃለስ ዝጸናሕና ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ካብ'ዚ ዝኸፍእ ናይ ጥፍኣት ደወል፡ ኣብ ልዕሌና ክንሰምዕ ስለዘይንኽእል፡ ካብ ሕሉፍና ተማሂርና፡ ንድሕነትናን ቀጻልነትናን ክነውሕስ፡ ዓቕምታትና ኣዋሃሂድና ክንቃለስ ኣብ ንጥለበሉ ኣዝዩ ተኣፋፊ ኩነታት ምህላውና ጋህዲ እዩ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፦ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ሙሉእ ዘበነ ኣገዛዝኣ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ፡ ለውጢ ክነምጽእ እናተቓለስና ምጽናሕና መስካሪ ዘይንደልየሉ ሓቂ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ባይታ ዝረአ ጭቡጥ ፍረ ክነመዝግብ ከምዘይጸናሕና፡ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኣፈላላይና ብጉቡእ ኣማሓዲርና፡ ኣብ ዘራኽቡና እዋናዊ ዕላማታት፡ ዓቕምታትና ኣዋሃሂድና፡ ብሓባር ንምዕዋት ዝዕንቅፉና ድሕረታት ክንሰግሮም ብዘይምኽኣልና ምንባሩ ኣሉ እንብለሉ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ ካብ'ዞም ዕንቅፋታት ሓራ ብምዃን፡ ንሓባራዊ ቃልሲ ቀዳምነት ንምሃብ፡ ዕቱብ ጻዕርታት ከነካይድ ጸኒሕና ኢና። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ እቶም ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ኣብ ተኸታታሊ ዘተ ተጸሚድና ዝጸናሕና ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ክንደይ ሓፍ ዞቕን ውረድ ደይብን ሓሊፍና፡ ናብ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ጽላል ንምስግጋርን፡ ዓቕምታትና ኣዋሃሂድና ክንቃለስ ዘብቅዓና ናይ ሓባር ግዝያዊ መሪሕነት ብምቛም፡ ናብ ዝበረኸ ቃልሲ ዘሰጋገረና ኣወንታዊ ስጉሚ ዘመዝገብናሉ እዋን በጺሕና ኣሎና። እዚ ኣዎንታዊ ምዕባለ'ዚ፡ ምስ'ቲ ኣንጻር ስርዓት ኢሳያስ፡ በብእዋኑ እናተዋዓየ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ህዝብና ናይ ለውጢ ድልየትን ምንቅስቓስን ተደማሚሩ ክረአ እንከሎ፡ ፍሉይ ትርጉም ዘለዎ ዓወት ምዃኑ ምግንዛብ ይከኣል።

በቲ ካልእ መዳይ፡ ኣብ'ቲ ክነካይዶ ዝጸናሕና ዝተናውሐ ህዝባዊ ቃልሲ፡ ፉሉይ ድርዒ ዝወሰኸሉ፡ ናይ ኤርትራውያን መንእሰያት ምንቅስቓስ ኣብ ዲያስፖራ፡ ናይ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ህዝባዊ ስረት ዝሸምርር፣ ፋይናንሳዊ ምንጭታቱ ዘድርቕን ዲፕሎማስያዊ ባይትኡ ዘልምስን ማዕበላዊ ተጋድሎ ዝካየደሉ እዋን በጺሕና ምህላውና፡ ንባዓል ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልስና ፍሉይ ትርጉም ዝህብ እዩ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ-ህግደፍ፡ ኣብ'ዘን ናይ ልዕሊ 32 ዓመታት ጨካን ዘበነ ምሕደርኡ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርና፡ ንህዝብና ሰጥ ለበጥ ኣቢልካ ምግዛእን ንመንእሰያትና ኣብ ግዱድ ሃገራዊ ጊላነት ጸሚዱ ዕድመ ስልጣኑ ኣብ ምንዋሕን ጥራሕ ዝተሓጸረ ኣይነበረን። ንጎረባብትና ሃገራት በብእዋኑ ብምሕማስ፡ ጎብለል ናይ ምዃን ሕልሙ ንምትግባር ጥራሕ'ውን ኣይተወሰነን። ልዕሊኡ ብምስጋር ነቲ ካብ ዝፈትዋ ሃገሩ ነፊጹ ናብ ሃገራት ምዕራብ ዝተሰደደ ኤርትራዊ ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ደድሕሪኦም እናሰዓበ፡ ክፈራርሕ፣ ብሓይሊ ገንዘብ ከዕድዮም፣ ሰጥ ለበጥ ኢሎም ናይ ስርዓቱ ኣገልገልቲ ክኾኑ፡ ዓመጻዊ ተግባራት ከካይድ ዝጸንሐ'ውን እዩ። ነዚ ኣረሜናውን ጨካንን፡ ዶብ ሰገር ህግደፋዊ ወጽዓ ደው ንምባል፡ ንዓሰርተታት ዓመታት፡ ብሰላማዊ ሰልፍታት፡ ቃልሲ ክካየድ'ኳ እንተጸንሐ፡ ንመሓዉራት ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣደብ ክገዝኡ ኣይገበሮምን። እኳ ደኣስ፡ ህግደፋዊ ኣደራዕን ጭቀናን መመሊሱ እናኸፍአ፡ ሰራውሩ እናሰፍሐ ክኸይድ ጸኒሑ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ንኹሉ ነገር ገደብ ስለዘሎዎ፡ መንእሰያት ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን፡ ኣብ ትሕቲ ብርጌድ ንሓመዱ እናተኣኻኸቡ ጸኒሖም፡ ኣብ'ዚ ክራማት'ዚ፡ ንፌስቲቫላት ስርዓት ኢሳያስ ንምፍሻል ዘካየዱዎ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ፡ ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ዘበነ ስልጣኑ ርእዩዎን ሰሚዑዎን ዘይፈልጥ፡ ውርደትን ውድቀትን ክሸክም ገይሮሞ ኣሎዉ። ስርዓት ኢሳያስ-ህግደፍ፡ ነተን ኣብ ዲያስፖራ ዝተረፈኦ ማሓውራት ጭቀና መሊእካ ንምቅባጽ ዝካየድ ቃልሲ፡ ብዝዋሕለለ ኣገባብ ኣብ ዝቕጽለሉ ታሪኻዊ እዋን ኮይና ኢና'ምበኣር፡ ታሪኻዊት ባዓልና፡ ባሕቲ መስከረም ነኽብር ዘሎና።

ሎሚ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልስና ክነብዕል እንከሎና፡ እቶም ብውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ዝተጠለሙን ዝበርዓኑን ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ብዘይጥርጥር ክዕወቱ ምዃኖም ድሙቕ ፋና ብርሃን ኣማዕዲና ኣብ ንርእየሉ እዋን ኮይና ኢና። እዚ ኣብ ዲያስፖራ ተወሊዑ ዘሎ፡ ብመንእሰያት ብርጌድ ንሓመዱ ዝተመርሐ ሰፊሕ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ኣብኡ ጥራሕ ተሓጺሩ

ከምዘይተርፍ ጋህዲ ኣብ ዘኾነሉ እዋን ንርከብ። ንገባቲ ስርዓት ኢሳያስ-ህግደፍ መሊእካ ንምቅባጽ ዘብቕዕ ጎነጻዊ ቃልሲ ኣብ ማእከል ሃገርና ምውልዑ ከምዘይተርፍ ብተግባር ኣብ ንርእየሉ እዋን ኮይና ነብዕላ ምህላውና፡ ፍሉይ ትርጉም ኣሎዋ።

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)፡ ህዝብናን ሃገርናን፡ ካብ ኣደራዕ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ህግደፍን መሊኡ ክናገፍ፡ ኣብ ዝካየድ ኩሉ መዳያዊ ኣገባብ ቃልሲ፡ ዓመጻዊ ስልቲ ከም ብልሒ ጫፍ ናይ ተጋድሎና ክኸውን ወሲኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ተግባራዊ ንምግባር ኩሉ ዝከኣሎ እናገበረ ጸኒሑን ኣሎን። ኤስሃግ ነቲ ብሰፊሕ ተሳትፎ ነበርቲ ዲያስፖራ ህዝብና ዝተሰነየ፡ ብብርጌድ ንሓመዱ እናተመርሐ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ካብ ልቢ እናደገፈ፡ ማእከሉ ኤርትራ ዝገበረ ዓመጻዊ ኣገባብ ቃልስና ብዘተኣማምን ንምዕዋት፡ ኣብ 3ይ ሰሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ ባይቶኡ ንጹራት ናይ ቃልሲ ኣንፈታት ሓንጺጹ ወጺኡ ኣሎ። ስለዚ ድማ፡ እዚ ብሸም ብርጌድ ንሓመዱ ተጀሚሩ፡ ብናህሪ ዝቕጽል ዘሎ ናይ መንእሰያት ኤርትራውያን ምንቅስቓስ፡ ናብ ማእከል ሃገርና ከቕንዕን፡ ኣድማዒ ናይ ቃልሲ ተርኡ ክጻወትን፡ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ) ካብኡ ዝጥለብ ናይ ቃልሲ ምትሕብባር ክገብር ድሉው ምህላዉ፡ ኣብ'ዛ ክብርቲ ዕለት ባሕቲ መስከረም የረጋግጽ።

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ) ኣካል ኣምሳሉ ኮይኑ ክዋስኣሉ ዝጸንሐን፡ ድሮ ናብ ምቛም ግዝያዊ መሪሕነት በቒዑ ዘሎ ዝምድና ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ብምጥንኻር፡ ንማዕበላዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ ብርጌድ ንሓመዱ፡ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ኣብ ምስግጋር፡ ብኹሉ ዝከኣሎ ከምዝደጋገፍ የረጋግጽ።

ህዝብና ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝተቓለሰሉን፡ ኩሉ ዓይነት ዋጋ እናኸፈለሉ ዝመጸ ናይ ለውጢ ምንቅስቓስ፡ እቲ ቀንዲ ሞቶር ናይ ለውጢ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶና፡ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ክሽከም ድሉው ኣብ ዝኾነሉ፡ ኣብ ዲያስፖራ ድማ ጭቡጣት ዓወታት እናመዝገበ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ኮይና ንታሪኻዊት ባሕቲ መስከረም ነብዕላ ኣሎና። ብምኳኑ ድማ፡ ንመላእ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ንኩላትና ተቓለስቲ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ድማ ብፍላይ፡ እንቋዕ ደስ በለና እናበለ፡ ዓወትና ሙሉእ ክኸውን፡ ኩላትና በብዝኸኣልናዮ ኣበርክቶና ክነዕዝዝ፡ ንታሪኻዊት ዕለትና ባሕቲ መስከረም ምኽንያት ብምግባር፡ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ) መልእኽቱ የማሓላልፍ።

ዘላኣለማዊ ድምቀት፡ ንባሕቲ መስከረም!!
ዕላማታት ባሕቲ መስከረም፡ ብሙሉእነት ንምዕዋት ንቃለስ!
ድሕነትና ብስሙር ቃልስና!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)
01 መስከረም 2023 ዓ.ም.